ማሕበራዊ ረዲኤት ትግራይ ማረት ዝተፈላለዩ ናይ ማይ ሞተራት (water pump 5-6 HP & Water pump 12KW)ብጨረታ አወዳዲሩ ንምግዛእ ትደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ መጋቢት 25, 2010 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 9, 2010 11:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 9, 2010 3:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 ናይ 2010ዓ/ም ዝተሐደሰ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎም ተጫራቲ ካብ ቢሮቁፅሪ 613 / 200.00 / ቅርሺ ከፊሎም ናይ ጨረታ ዶክመንት ክወስዱ ይክእሉ::

2 ተጫረቲ ንግዲ ፍቃድ ዝተመዝገብሉ ናይ ቫት ሴርቲፍኬትን:ቲን ቁፅሪ :ንግዲ ምዝገባ ዝተመዝገበኩም ምካንኩም መረጋገፂ ሙሉእ ደኩመንት ከቅርቡ አለዎም

3 ተጫረቲ ካብ ዘቕረብዎ ጠቕላላዋጋ 2% /ክልተ ካብ ሚኢቲ/ ናይ ጨረታ ውሕስና መከበሪ ሕጋዊነቱ ብዝተረጋገጸ ስፒኦ ጥራሕ ከትሕዙ አለዎም

4 ተጫረቲ ዝጫረትሉ ሰነድ ብዝተአሸገ ፖስታ እዚ ጨረታ ምልክታ ካብ ዝወፅሉ ዕለት ጀሚሩ 24/7/2010 ዓ/ም ክሳብ 9/8/2010 ዓ/ም ሰዓት ሓሙሽት /5:00 / ናብ ማረት ቤት ፅሕፈት ኩሉጊዜ አብ ስራሕ ሰዓት እናመፁ ሰነድ ጨረታኦም ኽቅርቡ ይክእሉ::

5 ጨረታ ዝክፈተሉ ዕለት 9/8/2010 ዓ/ም ሰዓት 9:00 አብ ማረትቤት ፅሕፈት ተጫረቲ ወይ ከዓ ሕጋዊ ወኪሎም አብ ዝርከብሉ እዩ::

6 እቲ ዝተዉሃብ በዝሒ ገፅ ናይ ጨረታ ሰነድ ገንዪልካ ምትራፍ አይፍቀድን እቲ ዝመላዕኩምዎ ጨረታ ሰነድ ቁብል ከምዘይንገብሮ ነፍልጥ

7 ሕድ ሕድ ገፅ ማሕተም ዕለት ክሕልዎ አለዎ ከምኡ ድማ ናይ ጨረታ ሰነድ ዝተማልዕዎ ዋጋስርዝ ድልዝ ዘለዎ እንተኮይኑ ተቀባልነት የብሉን::

8 ኣብቲ ጨረታ ዝተጠቀሰ ሞዴል(Specification) ምስራዝ አይካአልን::

9 እቲ መእዘዚ ሰነድ ድማ ከም ዉዕሊ ኮይኑ የገልግል

10 አቲ ድርጅት ዝሓሸ አማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ኮነ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle